# [ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ጊላነት!!]

## *ሓዲሽ ኣሰራርዓ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሓይልታት*

### *ሓምሻይ ክፋል*

*ብተስፉ ዘውደ።*

ከምቲ ኣብ ራብዓይ ክፋል ዝገልጽክዎ እተን መካይን ዕላምኣን ንፖርት-ሱዳን ኣትየን ኣብቲ ናይ ምብራቓዊ ሱዳን ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ረድኤት ክህባ ኢዩ ተመዲቡ ዝነበረ። ካብ ወደብ ላስፐዝያ ንኣለክሳንድርያ ኣተና። እቲ ኩሉ ዝጽዕነት ናይተን መካይን ንስደተኛታት ስለ ዝኾነ ብስምምዕ ግብጽን ሱዳን ንኩላህና በዚ ጉዳይ ዝትዋፈርና ናይ ዲፕሎማሲ ቪዛ ተወሃበና። ንዓይ ዓቢ ናይ ህላወ ዋሕስ ነበረ። እዚ እውን ኣብቲ ዘካይዶ ምንቅስቓሳት  መጥቃዕቲ ክወርደኒ ስለ ዝኽእል ብወገን ጀርመናውያን ተሪር ስጉምቲ ክወስዱ ዝድርኽ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ ማለት ኢዩ። እዚ መበልየይ ድማ ኣብ መወዳእታ 1979 ኣብ ማእከል ካርቱም ኣብ ሓንቲ ፍልጥቲ እንዳ ጀላቶንን (ቢምቦ ትበሃል) ፍሩታ ጹማቕ ፍረታት ዝኾነት ጸኒሐ፣ ምስ ክልተ መሰነይታ ክወጽእ ከለኹ ሓንቲ ላንድ ክሩዘር ብሓይሊ መንዚያም ክወስዱኒ ኣብ ዝፈተነ እዋን ተሪር ተቓውሞ ብምግባረይ ብቐሊል ኣብታ መኪና ንምእታወይ ኣብ መሬት ወዲቐ ኣብ ኩርመተይ ከቢድ ማህሰይቲ ወረደኒ። ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ምጭዋይ መስርሕ ዝተዓዘባ ክልተ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣእውየን ሰብ ክእከብ ጀሚሩ። እቶም ጨወይቲ ኣብ መኪና ኣትዮም ሃደሙ። ንካልኣይ ግዜ ክድገምዎን ሻዕብያ ሰላም ከም ዘይትህበንስ ይግመት ነይረ ኢየ። ኣብቲ እዋን እቲ ካብ ካርቱም ብዘይተጸበይዎን ኣብ ሓጺር እዋን በርቃዊ ምንቅስቓስ ንኤውሮጳ ስለ ዝወጻእኩ ኩሉ ግዜ ጥንቃቐ ክወስድ ይግደድ ነይረ። ኣብ 1979 ብፍላይ ኣብ ፖርት ሱዳን ህርኩታትን ጽኑዓትን ብጾተይ ስለ ዘጽለሉኒ እንበር ብናይ ሓሶት ክሲ ምስ ክንእሰር ተወዲኡ ነይሩ። ኮይኑ ግን ክትግበር ኣይተኻእለን።

ካብ ኣለክሳንደርያ ብካይሮ ንመንገዲ ስወዝ ካናል፣ ናብ ኣልቐርዳእ፣ ናይ ግብጽን ሱዳንን ሓመድ-ቖል ዝብሃል ዶብ ብሰላም ናይ ክልተ መዓልታት ጉዕዞ ተፈጺሙ። እቲ ናይ ዶብ ምትሕልላፍ እውን ከቢድ ኣይነበረን። ሕለፉ ዝብል ምልክት ተዋሂቡና ንፖርት ሱዳን ኣብ 4 መዓልታት ኣተና። ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ዓሶትሪባ ኣብ ዝበሃል መዓስከር መካይን ኣተዋ። ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ናይ ሻዕብያ ተርባጽ ብዓቢኡ ቀጸለ። ገለ ካብቶም ናይ ከተማ ፖርት-ሱዳን ኣመሓደርቲን ምስቲ ቀዳምይ ጸሓፊ ኤምባሲ ጀርመን ኣቢሎም እዘን መካይን ንሻዕብያ እንተ ዝወሃባ ንስደተኛታት ዝበለጸ ኣገልግሎት ምሃባ ዝብል ሕቶታት ክተኣታቶ ጀመረ። ኣብታ ከተማ ገለ ገለ ሱዳናውያን ኣብቲ ናይ ግብጻውያን ክበብ ነቶም ምሳይ ዝመጹ ጀርመናውያን ብምዕዳም ናይ ሻዕባያ ጹቡቕ ስምን ተግባርን ጅግነትን ምግላጽ ጀመሩ። ገለ እውን ኣነ ናይቲ ኩነታትን ከባብን ኮነ ናይ ስደተኛታት ኣፍልጦ ከም ዘይብለይ ስለዚ በኣይ ዝወሃብ ሓበሬታ ምሉእ ከም ዘይኮነ እንዳ ገለጹ ክሓብልዎም ጀመሩ። ኣነ ነቲ ኩሉ ዝካየድ ዝመርሖ መሲልዎም ብዙሕ ዘየድሊ ናይ ምጽላም ዘመተ  ኣብዝሑ። ኣብ ሰሜናዊ ፖርት-ሱዳን ዝርከብ ብጀርመናውያን ዝካየድ ናይ ተክኒክ ቤት ትመህርቲ ጊትዘት (GTZ German training Center) ኣሎ። እዚ ቦታ ርእዮ ስለ ዘይፈልጥ ኣብቲ ምድረ-በዳ ቅርጺ ዘለዎ ሓንቲ ንምርኣያ ተብህግን ጀርመናዊት ከተማ ዘመሳስል ህንጻታት ዘለዋ ኮይና ጸንሓትኒ። ዳርጋ 15 ስድራ-ቤታት ጀርመናውያን ምስ ደቆምን ቁጽሪ ዘይብሎም ሱዳናውያን ኣገልገልቶምን ዝቕመጡሉ ኢዩ። እቶም መጻምዲ ጀርመናውያን መማህራን ናይ ምምሕዳር ኣማኸርትን ኢዮም። እቲ ኣካያዲ ሄር በርግማን (Here Bergman) ዝበሃል ሰብ ናይ ሻዕብያ ዋህዮ ኢዩ ክትብሎ ትደፍር። መን ከም ዝኾንኩ ስለ ዝተሓበሮ ካብቶም ጀርመናውያን ክንጽለኒ ብዙሕ ዘመተ ኣካየደ። ብመጀመርያ ኣንጻር ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ዘካየድክዎ ዝተዓዘቡ መጋይሽተይ ሕጂ ድማ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ዘካይድ ናይ ኤርትራውያን ወካሊ ኢየ በሃሊ ውድብ ዘካየዶ ተዓዚቦም፣ ሓቂ ክፈልጡ ምሳይ ብግሉጽ ክዘራረቡ ጀመሩ። ነቲ ጸገም ከይሓባእኩ ኣብራህኩ። ንኽልቲኡ ተጻራሪ መለክዒታት ገምጊሞም መርገጺኦም  ከነጽሩ ዓቢ ደገፍ ረኺቡ። ካብቲ ከም ትካላውን ካባይ ከም ውልቀ-ሰብ ዝቐርብ መግለጺታት ናብ ሓደ ወገን ክቐኑ ነይረዎም። እቲ ሚዛን ናበይ ገጹ ይዛዙ ዝብል ብግምት ርትዓዊ ኣይነበረን። ብሓጺሩ መንነት ኣቲ ንጀርመናዊ ዲፕሎምትን ንሻዕባያን ምደገፉ ዝብል ገምጋም ይዓቢ ይኸውን። ደፈሩ ከይዛረብ ጥንቅቕ ዝበለ መግለጺ ይህብ። ኣነ ንሻዕብያ ከም ውድብ ኮነ ከም ናይ ፖለቲካ ኣካል ክፈልጣ ካብ መንግስተይ ፍቓዳ ኣይተዋህበንን ይብል፣ ቀጺሉ ድማ ከም ውልቀ-ሰብ ግን ንሳ ትገብሮ ስረሓት የድንቕ ኢዩ ዝብል ቃላት ወስ የብል። ሓቅን ርትዓዊ ዛዕባን ግዜ ይምጠጥ

ኣንበር ወሳኒ ተራ ክህልዎ ናይ ግድን ይኸውን። እቶም መማጽእተይ ኣብ መበገሲኦም ዕላማ ደው ብምባል ንርእይቶይ ደገፉ። ነቲ ዝተኻየደ ዘመተ ዘየሕጉስ ኮይኑ ስለ ዝረኸብዎ ኩሉ ነቲ ዝረኣይዎ ብቐረባ ይሓቱንን ክፈልጡ ህርድግ ይብሉን ነበሩ። ንስደተኛታት ዝተለገሰ ንምንታይ ንሓደ ውድብ ይወሃብ? ኣብ ከም ሱዳን ናጻ ሃገር ዕቕባ ዝሓቱ ስደተኛታት ንምዕቃቦን ንህይወቶም ተሓታቲ መን ኢዩ? ኣማሓዳሪትን ወካሊትን ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሱዳን ብዙሕ ምስቲ ናተይ ዝመሳሰል ሓበሬታ ብመሃባ ሻዕብያ ንብረት ክትምንዝዕ ኣይፍቀደትን። ስለምንታይ ኢዮም እቶም ጀርመናውያን ክሳብ ክንድዚ ንሻዕብያ ክወሃብ ደልዮም ብግምት ክበሃል ይከኣል ይኸውን። ኣንጻረይ ግን ገቢድ ዘመት ከካይዱ ብመስጠፋ ንሩ ሕሴን ዝተኣልመ እሞ ኢድ ሱዳናውያን ዝተሓወሶ ምንባሩ ኣይጠራጠርን። እቲ ኣብ ሱዳን ምስ ናይ ጀርመን ኤማባሲ ሓዊስካ ዓቢ ተሰማዕነት ዝነበሮ ሄር በርግማን ክርደኣካ ዘይክእል ናይ ጽልኢ ተግባሩ ዘስደምም ኢዩ ነይሩ። እቶም መጋይሽተይ ጀርመናውያን ብሓባር ንተግባራቱ ስለ ዝሸዓብዎ ሞራለይ ኣዝዩ ክብ በለ። ወይዘሮ ሜሪ ፍራንስ ናይ ቀይሕ-መስቀል ትካል መራሒት ኣብ ሱዳን ብዛዕባይ ብዙሕ ሕቶታት ምስቲ መራሕ ጉጅለ ኣካይዳ። ንሱ ብዝሃባ ጸብጻብ ድማ ዓጊባ ጽላል ኮነትኒ። ኣዝየ ተተንኪፈን ብዙሕ ከቢዱኒ ዝነበረ ካብ ዝባነይ ጸረይ ረገፈ። ከምቲ ዝተደልየ እተን መካይን ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ስደተኛታት ቤት ጽሕፈት ክመሓደራ ተዋህባ። እቲ ናይ ሻዕብያ ጉድ ግን ዘገርም፣ ኣብ እቲ እተን መካይን ዝዓረፋሉ ዓሶትሪባ ዝብሃል ቦታ ብዙሕ ንገለ መዓላ ተባሂሉ ዘይተኣደነ ክልተ ዓበይቲ ክፍልታት ዝመልአ መድሃኒት ተዓሺጉ ምንባሩ እቲ ናይ ሻዕብያ ቤት ጽሕፈት ይፈልጥ ምንባሩ ኢዩ። ሻዕባያ ነቲ መድሃኒት ከመይ ገይሮም ካብቲ ብሱዳናውያን ዝሕሎ ቦታ ከውጽእዎ ከም ዝኽእሉ ብልሓት ክጣበቡ ከም ዝጸንሑ ከይሓለምካ ዝፍታሕ ነገር ኢዩ። ኣቀዲመ 1976 ዝተዓዘብክዎ ስርሒት ሻዕባያ ንድሕሪት ተመሊሰ ክዝክር ተገደድኩ። ካብ ፖርት-ሱዳን ንደቡብ ዝርከብ ናይ ወተሃደራዊ ብፍላይ ድማ ናይ ምዕቃብ ብረት ዝለመድዎ ምጥፍፋእ ተመክሮኦም ኣብ ኩሉ ናይ ስርቂ ኣመሎም ንሱዳን ከም ጅቦኦም ዝፈልጥዋ ሓበሬታ ነይሩኒ ኢዩ። ኣብ'ዚ ቦታ እዚ ብድሕሪ ናብ ስደት ምቕነዐይ ስለ ዝተሰርሐ ፈጺመ ገሚተዮ ሓሲበዮ ኣይፈልጥን። ነዛ ትሕት ኢላ ዘላ ጉድ ድማ ተኸታተሉ።

ኣብ 1976 ከም ምደባ ኣብ"ቲ ናይ ግንባራት ብፍላይ ናይ ሎጂስቲክ ሓላፊ ማእከላይ ግንባር ብምንባረይ ድሕሪ ናቕፋን ኣፍዓበትን ብህዝባዊ ሰራዊት ምትሓዘን ሻዕብያ ጸግዓ ምስ ሃገራት ኣዕራብ ኣዝዩ ክብ ምባሉ ዘይፈልጥ ሰብ ኣይነበረን። ኣብቲ ናይ ናቕፋ ስዑሽተ ኣዋርሕ ምኽርዳን ናይ ቁጠባ መራሒ ከይነ ምስ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ፣ ሓሰን ኣሚር፣ ብርሃነ ገረዝጊሄር፣ ወልደኑፋኤል ስብሃቱ፣ ሙሳ ራብዓን ብሓባር ጽዒቕ ርክብ ነይርና። ካብ ከባቢ ኣፍዓበት ክሳብ ዶብ ሱዳን ቃሮራ ዘሎ ናይ ቁጠባ ስርሐይ ስፍሕ ዝበለ ዕማማት ይካየድ ብምንባሩ እሞ ካብ ግዳም ዝመጽእን ዝኣቱ ሰብን ክትራኸብ ዘኽእል ህሞት ብዙሕ ሓበሬታ ተዋህለሉ ዕድል ረኺበ። ተጠንቂቕካን ኣስተብሂልካን ናይ ምኻድ ሜላ ክትክተል ትግደድ። ብጽሑፍ ክትስንድ ኣዝዩ ሓደገኛ ኢዩ። እንኮ ዕድል ድማ ኣብ ሓንጎልካ ኣስፈርካ ከም ጽሑፍ ከተቐምጦን ብዛዕብኡ ምስ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክትመያየጥን የብልካን። ኣብ ሻዕባያ ዳርጋ ኩሉ ከም ንጹል እንስሳ ንሓድሕዱ ዘይዘራረብ ሰብ ጥራይ ኢኻ ትረክብ። ገለ እንተሰምዐ ድማ ስለ ዝፈርሕ ከመልክት ኣለዎ።

ምስ ቁጠባ፣ መጎዓዝያን፣ ክፍሊ ዕድግን፣ ብዝያዳ ምስ ምቕባል ኣጽዋር ከምኡ'ውን ናይ ብረት ዝተተሓሓዘ ስራሕ ኢዩ ነይሩኒ። ናብ ናቕፋ ዝንቀሳቐሳ ናይ ጽዕነት መካይን ኮነ ናይ ወጻእተኛ ተሰንዮም ዝመጹ ዝግበር ምንቅስቓሳት ክዕዘብ ብዙሕ ኣጋጣሚ ረኺበ። ሃገራዊ ረብሓን ናጽነት ኤርትራን ስለ ዘገድሰኒ እንበር ንከዕኑ ዝደሊ ውሽጣዊ ሽርሒ ምቹእ ኩነታት ንይሩ። ነታ ዘላትኒ መርገጺት እቲ ኣራዊት እውን ተጠራጢሩዋ ኣይፈልጥን። ጽልአይ ኣብ ልዕሊ ምምሕዳሩ ጥርዙ ሰማይ ዝበጽሐ ኢዩ ነይሩ። ይኹን ብጽልኢ ጥራይ ተመሪሑ ዝኸይድ ሰብ ዕላማ ሃገር ከም ዝርስዕ ገሚተ ንኹሉ ኣብ ካልእ ግዜ ነርክበሉ ዝብል መደዓዓሲ ክሕዝ መሪጸ። ከምቲ ጴጥሮስ ሰለሙን ብዙሕ ገንዘብ ይኣቱ ነይሩ ግን ምንጬ ካበይ ከም ዝኾነ ኣይፈለጥኩን ዝበለ፣ ኣነ እውን ብዝሒ ዕጥቂ ካብ መን ተላኢኹ ከም ዝመጽእ ዘይፈልጦ ክስተብህል ክኢለ። ብዘየገድስ እቲ ህዝባዊ ሰራዊት ይዕጠቕ ይደራዕ ጸላኢ እውን ይመሓ ዝብል መትከል ክዕወት ናይ ግድን ክኸውን ኣለዎ። ስልጣን ኢሰያስ ምስ በራኺ ገብረስላስ ክድረት ኣለዎ ዝብል ምይይጥ ኣሚነ ኣዛራሪበዮ ነይረ። ምስ ድሩዕ ዘለዎ ርክብን ምትእስሳርን ስለ ዝፈልጥ'ውን። ተጸመም ከነርክበሉ ኢና ስለ ዝበለኒ ሓዚነ ኻልእ መግለጺ ከይህብ ተጸመምኩ። በራኺ ኣብ ጀርመን ከም ኣምባሳደር ምስ መጸ ኣብ በርሊን ትራኺብና ነቲ ናይ ቅድም ዝበልክዎ ኣርእስቲ ዘኪሩ ,,ተስፉ ዘይምስማዕና ይቕረታ" ክብል ነስሒኡ ገለጸለይ። ክተርፍ እውን ብግሉጽ ሓቲተዮ፣ ኣብ ዘይፈልጦ ሜዳ ክቃለስ

ኣይመርጽን ክእሰር ምስ ብጾተይ ይሕሸኒ፣ ዝመጸ ይምጻእ ክኸይድ እመርጽ በለኒ። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ብሰፊሕ ክገልጾ ይሓይሸሞ ሰጊረዮ ኣለኹ። ብዘይ ክሲ ክጠኡን ሓቂ ተቐቢራ ክተርፍን ግን ሕመቕ ናይ መላእ ህዝቢ ከም ዝኮነ ዘይከሓድ ኢዩ። ካብ ንህዝቢ ምሕባር ንላዕሊ ክህሉ ዝኽእል መርገጺ የለን። ልክዕ ተጋድሎ ሓርነት ምስ ዒራቕ ዝዓበየ ኢጃም ነይርዋ ዝብል ካብቶም ንሻዕብያ ክበጽሑ ዝመጹ ዒራቓውያን ኣዛራሪበ ኣብ ዓየት ተሓቢረ። ይኹን እንበር ሻዕባያ ኣዝዩ ሓያል ጎድኒ ዝምድናታታ ብፍላይ ኣብ ከባቢ መጨረሽታ 1976 ከም ዘለዋ ንፈልጥ ነርና ኢና።

ኣብቲ ናይ መዐቀብ ኣጽዋር (መኻዚን ፖርት-ሱዳን) ወተሃደራዊ ሓይሊ ሱዳን ዝራገፍን ዝዕቀብን ዕጥቅታት ብብዝሒ ናይ ሻዕብያ ኣጽዋር ነይሩ። እቲ ዘገርም ኣብ ገሊኡ ተዳባሊቑ ክቕመጥ ሱዳናውያን ንምንታይ ኣፍቂዶም ኣይርደኣካን። ክሳብ 10 ሜተር ንላኣሊ ዘሎ ናይ ሱዳን ሰናዱቕ ጠያይት ይድርደር። ልዕሊ እቲ 10 ሜተር ድማ ናይ ሻዕባያ ይድርደር። መፍለይ እቲ ዶብ ድማ ሪቦን (ገመድ) ካብ መንደቕ ናብቲ በንጻሩ ዘሎ መንደቕ ጋድም ይጠብቕ። ናይ ሻዕብያ መካይን ክጽዕና ከለዋ ድማ ካብ ላዕሊ እንዳ ኣውረዱ ይጽዕኑ። ናይ ሱዳን ሓለዋ ብእምነት ሻሂ ወይ ካልእ ግብዣ ተገይሩሎም ክበልዑ ውጽእ ምስ ዝብሉ እታ ናይ ዶብ ገመድ ካብ 10 ሜተር ዝነበረቶ ናብ 8 ሜተር ትወርድን ትዝርጋሕን። 3 ወይ 4 መካይ ዝኾነ ጽዕነት ተሰሪቑ ተጻዒኑ ይወጽእ። ኣብ ሜዳ ድማ ከም ዓወት ይግለጽ። ርኣዩ ነቶም ብሕውነትን ምትሕግጋዝን ዝተሓባበሩኻ ሱድናውያን ኣሕዋት ብኽሕደትን ጥልመትን ዝፈጸም ገበን ከይኣክል ነቲ ግርህነቶም ክሳብ ክንድዚ ከም ንዕቀትን ጸብለል ዝበለ ፍልጠትን ከም ዘለካ ዘመልክት ብድዐ ክትፍጽም ከሳብ ክንደይ ሃገር ብእኩይ ሰብ ከም ትምራሕ ይበርሃልካ። ኢሰያስ ኣብ ልዕሊ ሱዳናውያን ዘውጽኦ ናይ ንዕቀት ቃላት ኣጸያፊ ስለ ዝኾነ ክትደግም ኢዩ ዘጽለኣካ። ብርግጽ ኣብቲ እዋን እቲ ኢሰያስ ባዕሉ ዝመርሖ ናይ ምዕቃብ ብረት ኣካል እንበር ካልእ ዝኾነ ይኹን መራሒ ከም ዘይፈልጥ ኢየ ክምስክር ዝኽእል። እቲ ናይ ቁጠባ መራሒ ናይዝጊ ክፍሉ ኣብቲ ኩሉ ዝትግበር ምጥፍፋእ ብፍላይ ብመጎዓዝያ ዝካየድ ምሉእ ስልጣን ነይርዎ። ኩሉ ዝሰቱኽ ሓበሬታ እውን በዚ ማዕከን እዚ ኢኻ ትረኽቦ። ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት  ምስ ጀርመናውያን ብሓባር ንፖርት-ሱዳን ምምጸእይ ዛጊድ ኣቐድም ኣቢለ ኣብ ላዕሊ ገሊጸ ነይረ። ኣብ ዓሶትሪባ ዝበሃል ቦታ ዝነበረ ብውሕዱ ናይ 4 ዓበይቲ መካይን ጽዕነት ወይ ዝያዳ ዝኣክል መድሃኒት ምንባሩ መስጠፋ ኑር ሑሰን ከመይ ገይሩ ፈሊጡ  ኣይገርምን። ብኹሉ ናይ ቅጥፈት ኣሰራርሕኡ ንሱዳናውያን ክሓብሎም ከም ዝኽእል ተግባሩ ፈሊጡ ንዝከታተሎ ሓዲሽ ኣይኮነን። እቲ ሕቶ ከመይ ገይሩ ነተን መድሃኒታት የውጽኦየን ዝብል ኢዩ። ጽኑዕ ሓለዋ ስለ ዘሎ በየን የሕልፈን። እታ ሓንቲ እንኮ ዕድል ዝረኸባ ድማ እተን ናይ ሓገዝ መካይን ኣብቲ መዓስከር ምእታወን ኢዩ። ብኸመይ ከም ዝተሓባበርዎ እቶም ጀርመናውያን ንምፍላጥ ብዝሒ መድሃኒት ኣብቲ ቦታ ከም ዘሎን እሞ እቲ ኣፋውስ ንስደተኛታት ተባሂሉ ዝተለገሰን ብዙሕ መሕከሚታት መሳርያታት ምህላዉን እቲ ጀርመናዊ ዲፕሎማት ኢዩ ሓቢሩ። እቶም መጋይሽተይ ነቲ መድሃኒት ጽዕኖም ንምውሳእን ንስደተኛታት መታን ክውዕል ነተን መካይን ዘዕርዩ ኣምሲልም ቀስ ኢሎም ብምእታው ብዙሕ ፈቲሾም ኣረጋገጹ። ስለምንታይ ከምኡ ምግባሮም ክፈልጥ ደልየ ሓተትክዎም። እቲ ክፍልታት ንመድሃኒት ብጽፉፍን ብትኽክል ናይ ምዕቃብ ባህሪ ዘለዎ ኣይኮነን። ካብዚ ወጺኡ ንስደተኛታት ክውዕል ኣለዎ በሉኒ። ዝተለገሰ እውን ንዓታቶም ኢዩ። ስለዚ ምስተን መካይን ብሓባር ነውጽኦ። ነዚ ተግባር ተባሂሉ ኣብ ሓንቲ ፍልይቲ ምሸት ኣኼባ ይጽዋዕ። እቲ መድሃኒት ክወድቕ መዓልቱ ከም ዝተቓረበን ኣብ ሓጺር እዋን ድማ ካብ ምድርባይ ሓሊፉ ካልእ ዕድል ዝጽበዮ ከም ዘየለ ይግለጽ። ገላጻይ እቲ ጀርመናዊ ዲፕሎምት ኢዩ። ስለምንታይ ቅድሚ ምምጻእና ምስቲ ናይ ቀይሕ መስቀል ትካል ኣይተዛራረብን? ስለምንታይ እቶም ኣብ ከባቢ ፖርት ሱዳን ዘለዉ ንሰበ ስልጣናት ሱዳን ዘይሓበርዎም? ትካል ሕቡራት ሃገራት (UN) ዘካይዶ ኮይኑ ንሱ ኢዩ ክግደሰሉ ዝነበረ። ንዓና ንጀርመናውያን ግን ዝምልከተና ፈጺሙ የለን። ኮይኑ ግን ሕጂ እንተ ተኻኢሉ ንረብሓ ስደተኛታት ከመይ ገይሩ ከም ዝውዕል ምግባር ኣድላይ ስጉምቲ ኢዩ ተባህለ። እወ ሓቂ ሱዳናውያን ኣብ ምትግባር ብዙሕ ሸለልትነት ስለ ዘጥቀየም ሕጂ ንሕና ምስቶም ሱዳናውያን ብምትሕብባር ገለ ሓለፍቶም እቲ መድሃኒት ብመካይን ተጻዒኑ ይውጻእ ይበሃል። ሕጂ ወን ብቤት ጽሕፈት ሕ/ሃገራት ኣብቲ ዝርርብ ኣይነበረን። ግን ብምጥፍፋእ ክወጽእ ኣፍቂዱ ዲዩ? ሻዕብያ ክሳብ ክንደይ ኣብቲ ሓቢእካ ምውጻእ ኢዳ ሓዊሳ ነይራ? እንተድኣ ትፈልጥ ኮይና ስለምንታይ ብተዘዋዋሪ ጽልዋታታ ነቲ ኣፈውስን መሳርያታትን ንስደተኛታት ከም ዝውዕል ስጉምቲ ዘይወሰደት? ነዚ ኩሉ ግን መዓልትን ኣጋጣምን ክትጽበየሉ ከም ዝጸንሐት ዘመልክት ጉዳይ ኢዩ ትራእዩ። እቲ ጀርመናዊ ዲፕሎማት ብናይ መንግስቲ ጀርመን ትእዛዝ ከምዚ ዝበለ ኣነዋሪ ስርቂ ከም ፍቓድ ክህልዎ ኣይክእልን። ጀርመን ንቃልሲ ኤርትራ ብዕሊን ብግሁድን ደጊፋ

ኣይትፈልጥን። እዚ ምስ ውልቀ-ሰብ ዝግበር ዝምድና ዘምጽኦ ጉዳይ ጥራይ ኢዩ ክሽውን ዝኽእል። ሰፍ ዘብል ጉቦ ከም ዝተኸፍሎ እውን ኣየጠራጥርን። ብዝኾነ ለይቲ ግብዣ ነቶም ጀርመናውያይ ብናይ ሕቡራት ሃገራት ኣካያዲት ዝተገበረሉ ምሸትን ዕለትን ጠበቕ በለት። ብናይ ሸሪዓ ስርዓት ኣልኮላዊ መስተ ክልኩል ስለ ዝነበረ ብዘይ ኣልኮል ዝግበር ግብዣ ከም ዝኾነ ኢዩ ከም መጠንቀቕታ ዝተነግረ። ኮነ ድማ ግብዣ ተጀመረ። ሰላሕታ ወራር ድማ ንሸው ምሸት ከካየድ ተመደበ። ኣልኮል ክልኩል ይኹን እንበር ከም ማይ ፈሰሰ። ሱዳናውያን ብኣልኮል ተሓጽቡ። ሻዕብያ ኣብቲ ግብዣ ኣይነበረትን። ከመይ ገይራ ተጋደልታ ምስ ሰብ ክትጽንብር ኣንበር ንመስተ እውን ንሳቶም ይኸፍኡ። ናይ ሱዳን ሰበ-ስልጣናት ግን ካብ ኩሉ መድያት ዘይረኣይሉ ሕቡእ ከባቢ ተመርጸ። ውግን ዝበለ ከባቢ ኣናድዮም ከብዕሉ መደቡ። ኣብ ሓደ ክበብ ኣብ ማእከል ከተማ ፖርት-ሱዳን ንወጻእተኛታት ዝተሓዝአ ቦታ ግብዣ ተኻየደ። እቲ ስርሒት ድማ ኣብ ምዕራባዊ ወገን ናይታ ከተማ። መስተ ነቶም ሓለዋ ተኸስከሰሎም። ጸወታን ዳንኬራን ጭፈራን ወጋሕ ትበል ለይቲ ቀጸለ። ኣዝየን መልክዐኛታት ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያን ጸዓዱን ኣንስትዮ ብርከት ዝበላ ነበራ። ኣብቲ እዋን እቲ እተን ኣፋውስን መድሃኒትን ድማ መካይን ተጻዒነን ናብ ሓደ ካልእ ክፍሊ ናይቲ ከተማ ተመርቀፋ። በብቕሩብ ድማ ሻዕብያ ወሲዳ ኣብ ሑቕፋ ኣእተወቶ። ኣብ እንዳ ስኩላት ኢዩ ዝተራገፈ። ምስ ሓደ ጀርመናዊ ሓላፍና ኣብ ሓንቲ ንእሽተይ መኪና ርሕቕ ኢለ ይዕዘብ ነበርኩ። ናይ ለብነት ሪከርድ ክብረ-ወሰን ዝሰበረት ህግደፍ መንዝዕ ኢዳ ስሉጥን ቁልጥፍን ኢዩ። ህዝቢ ንምግልጋል ግና ኣይተዓደለትን።

ናብ ካልእ ናይ ምጥፍፋእ ቅድሚ ምስጋረይ ንምንታይ ካብ ገለ ኣዋን ኣትኩሮይ ናብ ናይቲ ውድብ ቅጥፈት ከዐሙቕን ክመራመር ወሲነ ክገልጽ እፈቱ። ድሕሪ ናይ መንካዕ ዝተኻየደ ዘመትን ወፈራን ኣብ ልዕለይ ማእሰርቲ ተኻይዱ። ቅርጺ እቲ ውድብ ዘይፈልጦ ኣይነበርኩን። ግን ኣሰራርዓ መርሕነት ይቀያየር መንባሩ ብዙሕ ክዕዘብ ደልየ። እቲ ዝካየድ ስርርዕ ንጽፉፍ ኣመሓዳድራን ህዝባዊ ጠለባትን ዝውክል ዲዩ ወይስ ኣብ መጻኢ ንርብሓ ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ኢዩ ዝውደን ዘሎ ንምፍላጥ ኢዩ መደበይ። ኣነ እውን ኣብ ቃሊስ እጃመይ ከመይ ዝበለ ክሽውን ኣለዎ ዝብል ሕቶ ኣልዒለ። ቅኑዕ ለውጢ ብሃገራዊ ደሚክራሲያዊ ሰውራ ጠለባት ዘንበሩ ክቕንጸሉ ብምፍላጠይ ኣብ ወሳኒ ሱጉምቲ ነብሰይ ክሰርዕ ስለ ዝመደብኩ ኢየ ሃሰስ ዝበልኩ። ናጻ ተበግሶን ዳህሰሳን ዘየፍቅድ፣ ብንጻሩ ነፍስ-ወከፍ ሰብ ናጻነቱ ኣረኪቡ ከይተረድኦ ናይ ጸጥታ ኣካል ኮይኑ ከም ዝዋፈር በሪሁለይ። መሕብኢትን ኣተግባሪት ስለቲ እዚ ሜላ'ዚ ንኹሉ ተርዕዶ፣ ኣብ ዕለታዊ ተግባሩ ንኡስ ጌጋ ምስ ዝፍጽም ከም ናይ ጸላኢ ተልእኮ ተባሂላ ትንበብ። ትእዛዝ ተቐበል ትብል ኣሰራርሓ ጥራይ ኢያ እታ ቀንዲ ትጥለብ። ኣብ ስራሕ ጌጋ ከይትገብር ርዒድካ ስምዒትካን ድልየትካን ምልጋስ ቀንጺልካ ናጽነትካን ናጽነት ህዝብኻ ፈጺሙ ንመራሒ ጥራይ ዘገልግል ኮይኑ ይሕጸር። ናጻ ውልቃዊ ኣተሓሳስባ ናብ ናይ ሓባር ኣተሓሳስባ ክሕቆፍ ኣለዎ ዝብል ሓሳዊ ዘመተ፣ ናይ ሓባር መስርሕ ደይኮነስ እቲ ዝካየድ ኣተሓሳስባ እንኮ መላኺ ጥራይ ኢዩ ዝሰፍን። ነብስኻ ሰሪዕካ መኣዝንካ ከየጥፋእካ ንታ ኣሰራርሕኡ ብድሕሪኣ ካልእ ወፈራ ከም ዘለዋ ሃሰስ ኢልካ ትረኽባ ሽርሒ ኢያ። ናይ ሓባር ዕላማ ንነፍስ ወከፍ ብርህቲ ኢያ። ነፍስ-ወከፍ ተጋዳልይ ደሞዝ ኣልቦ ብወለንታ ከገልግል ዝስለፍ ናይ ሓባርን ማሕበርዊ ጠለባት ከምልእ ኢዩ መዲቡ ዝመጽእ። መበገሲኡ ሃገራዊ ዕማም ኢዩ። ኣብ ትሕቲ ሰራዊት ከም ተጋዳላይ ኮንካ ናብ ሰውራ ክትሕወስ ከለኻ ህዝብኻ ዘውረሰካ መለክዒ ተሰሪዙ ከም በሓዲሽ ካልእ ናይ ውድብ ፍጥረት ክትከውን ክድርኹኻ ከለዉ ድማ ከተፍቅድ ኣይግባእን። ውድባዊ ኣሰራርዓ ክትመርምር ሚዛን ንነፍስ-ወከፍ ዕድል ክወሃብ ይግባእ ነይሩ። ርእይቶ ናብ ብጾትካ ከተፍስስን ክትቅበልን ኣይግደፍን። ኣብ ሻዕባያ ሃባን እንካን ዝበሃል የለን። ከምዚ ዝበለ ሕንጻጽ ተቐሪጹ ግን ካብ መን ከም ዝተቐርጸ ወይ መን ዝለከየ ዘይትፈልጦ ይካየድ ከም ዘሎ ስለ ትርኢ ንጉዳይ ሃገር ናበይ ገጹ ይቐንን ኣሎ ክትፈልጥ ሃገራዊ ጻውዒካ ይድርኽካ። ሽውሓት ዘይከፍት ናይ እንካን ሃባን ዘይኮነስ ብትእዛዝ ጉሰሞ ወሓጠ ጥራይ ዝመንስኤኡ ምልኪ ከም ዝኾነ ይበርሃልካ። ናይ ሓፈሽ መርገጺ ተባሂሉ ይንገረካ። እሞ ኣነ ደኣ ውላድ ሓፋሽ እንድየ ንምንታይ ኣብቲ ዝዓበኹሉን ዝተቐረጽክሉን መርገጺን ማሕበራዊ ህይወትን'ዶ ዘቐይረጸኒ? ኣብዚ ዲየ ክጽረብ መጺአ ዝብል ሕቶ ከተልዕል ትግደድ። ወይ ካልእ ሓፋሽ ኣብ ፋብሪካ ኢሰያስ ዝተማህዘ ሰብ-ሰርሖ ይቦቅል ኣሎ'ዶ? ህዝባዊ ቃልሲ ካብ ተባህለ መበቆሉ ኣብይ ዲይ? እታ ሎሚ ህዝቢ ዝደልያ መንግስቲ ከየቕውም ዝተፈርደት ሽዑ ዝተደኮነት ኢያ። ኣብየት እታ ንምህዛ ሓዳስ ኤርትራ ትብል መግለጺት ምውሓጥ ትኣብየካ። ዘይነበረት ኤርትራ ከይዳ ከይዳ እንሆ ሎሚ ኣብ ሳዋ ትንደቕ ኣላ። እዛ ሎሚ ንርኣ ዘላና ጠባይ መብዛሕትኡ ኤርትርውያን ኣሓትን ኣሓዋትን ሽዑ ዝተኣልመት ኢያ። ሓቦን ኒሕን፣ፍናን ትብዓትን፣ ሓቅን ቅንዕናን ተበሪዘን ምጥፍፋእን ምልክን

እንዳ ረኣኻ ሞራልካ ወዲቑ ርእስኻ ከተድንን፣ ህዝባዊ መለከዒ ከም ዝተጸንቀቐ ክርኢ ከለኻ ንጊላነት እንበአር ንሓርነት ኣይተቓለስናን ትብል። ግን ድጉልን ሕቡእን ባርዕ ተደግሉ ኣንድበር ኣይጠፍአን። ህዝባዊ ቁጠዓ ዓቕኑ ይድመር ኣሎ። ዓይነታዊ ለውጢ ከምጽእ ድማ ናይ ግድን ይኸውን።

እስኪ ናብ ካልእ ከሳግረኩም ካብቲ ክቡር ግዜኹም ልግስ ኣብሉኒ። ንዝነኣስኩምን ማእከሎትን ኣቦኹም ንዓበይቲ ሸማግለታት ድማ መሓዛኹም ስድራይ ካብ ፈልፋሊ ኤርትራዊ መቦቀል ሓቒቕ ማይ ኢየ ፈልፋሊ። ካባኹም እንበር  ካልእ መበገሲ የብለይን። ይሓዝን ከምቲ ኣብ ሓምሳታት ዝነበረን ኣብ ስሳታት ክምክት ዝተበገሰን ንኡስ መንእሰይ ወለዶ ድልየት ዘይተፈጸመ። እቲ ትማሊ ተረፍ ኣቦታቱን ወለዱን ሎሚ ከኣ ተረፍ ደቁን ደቅደቁን ዝበልዕ ዘሎ ወለዶ። ካብቲ ምሉእ ወለዶ ሓደ ዝተረግመ ሰብ ኢዩ ንኹሉ እቲ ጽቡቕ መጻኢ ዕድል ረሚስዎ።

ናብ ካልእ ናይ ቁጠባ ቅጥፈት ክኣልየኩምስከ። ድሕሪ ናይ እታ ጸላም ምቕንጻል መንካዕ ኢየ ካብ ማእሰርቲ ምስ ብርክት ዝበሉ ቅዩዳት ናብቲ ናይ ተሃድሶ ዝብልዎ ፍኹስ ዝበለ ሓለዋ ሰውራ ዝተቐየርኩ። ዝተኣልመ ነገር ስለ ዘሎ ብቕብጥሮት ዝዓይነቱ ኢና ተታሒዝና። ሰለሙን ወልደማርያም ንኢሰያስ ዓጽሚ ኣብ ዓንቀር ኮይንዎ ስለ ዝነበረ ክእለ መደብ ወጸ። ገለ ካብቶም ናቱ ማለት ናይ ሰለሙን ጸግዒ ዘለዎም ንምኽሳብ ዝወጸ ሕንጻጽ። ካልኣይ ንሰለሙን ካብ ዝተቐየሙ መንካዕ ትባሂሎም ዝተኣሰሩ እውን ምኽሳብ። ገለ ድማ ብኹልቲኡ መዳይ ተጠርጢሮም ዘይተኣስሩ ኣብ ጃላነት ዝነበሩ ምኽሳብ። ናይ ቀረባ ዕላማ ሰለሙን ይርጋሕ ቀጺልካ ድማ ምስቶም ካብቶም ጥንታዊ ራብዓይ ክፍሊ (ኣብ እዋን ክፍልታት ዝነበሩ) ሓቑፍካ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ምርጋሕ ዝወጸ ሕንጻጽ ዝትግበረሉ መደብ ኢዩ። እዚ መደብ እዚ ኣብ ምንጻፍ ወይ ብዘገምታውን ናይ ቀረባን ናይርሑቕን ዕላማ ከም ዘለዎን ነፍስ-ወከፍ እውን ኀሮሮይ ከድሕን ኣብዛ መርከብ ክውጣሕ ዘብል ናይ በለጽ መርገሲ ወሲዱ ኣብ ሰኪዕትን መርበብን ብጨረር ዝጸሎን፣ ዝሕብር ክትጥንቀቕን ከተሰብህለሉ ዘይትኽእል ብሕሹኽሹ ዝዋፈር ምህላዉ ንዓይ ብብጾተይ ተሓቢሩኒ ነይሩ። ድሕሪ ናይ ካርቱም ርክብ ሳበን ተጋድሎ ሓርነትን ንሰለሙን መናፍሕ ተዘርጊሑሉን ነቲ ፍሕሶታት ከየስተብሃለ ህዝባዊ ሓይልታት ናታ ናይ ፋይናንሳዊ ዒላ ክሽፍትን ጸጥታዊ ኣጽፋሩ ክዝርግሕን ሰለሙን ንኻርቱም ክብገስ ብኢሰያስ ዝቐረበ ሕሳብ ተቐቢሉ ተበገሰ። ሰለሙን ብዘይካኻ ንሳበ ዝኣልን ዝድርብን ሰብ የለን፣ ከምቲ ኣብ ሜዳ ብጸጥታ መሬት ሰጥ ዘበልካያ ሕጂ ድማ ንስኻ ኢኻ ናይ ወጻኢ ዝምድናና ትስርት ተባህሎ። ብክልቲኡ መዳይ መን ኣሎ ከማኻ ተባሂሉ ተበገሰ። ንሱ እውን ንዓይ ዝውክሉ ካድራት ንድሕሪት ገዲፉ ስለ ዘለኹ ብድሕረይ ዝፍጸም የለን ዝብል ዓሻ እምነት ኣንቢሩ ሃውተተ። ቓው ቓው ሰለሙን። መጥፊኢኡ ተበሪህዎ ተሓምበበ። ኢሰያስመራሕ ሃገር ክኸውን ኣብ 24 ግንቦት 1991 ጥራይ ኣይኮነን ተዓዊቱ። ከምዚ ዝበለ ፍሕሶታትን መጻወድያን መስከረም 1966 ሰልጢኑን ቀርጺጹን ዝመጸ ልኡኽ ኢዩ። ነታ መንበር ሸዑ ኢዩ ኣስሪሕዋ። ንኹሉ ኣብ ደጀን ዝነበረ ናይ ሰለሙን መርበብ ንክበጣጥስን ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስክዎም ጉጅለታት ክጠምርን 3 ኣዋርሕ ኣድለዮ። ሓደ ጉጅለ ካብዞም ሎሚ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ህይወቶም ዝከፍሉ ዘለዉ ሸዑ ዳርግ ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ፍሕሶ ፈጺሞም ኣየስተብሃሉሉን። ኢሰያስ ንኹሉ ሸርሕታት ከም ተግባር ኣብ ብለቓት ኮይኑ ኢዩ ኣንጺፍዎ። ኣብ ከበሳ ነቲ ውግእ ሓድሕድ ኣንጺፉን ንናይ ጀብሃ ጽልዋ ደሪቱ፣ ልኡም ኣየር ዲክታቶርነት ኣንፈሱ ኢዩ ነቲ ቀንዲ ምሕቓቕ ህዝባዊ ሓይልታትን ምምስራት ህዝባዊ ግንባርን ከተግብር ንሳሕል ምልስ ዝበለ። ኣብ ከበሳ ኢሰያስ ምስ ክርስቶስ ማዕረ ኢዩ ሰማይ ዕሪጉ ዝንኡ። ሕጂ ተራ ሳሕል ከመዓሪ ክወርድ ኣለዎ። ጉጅለ ሕርጊጎ ድማ ክትለኣኽ ከም ዝኾነት ፈሊጡ ኣሎ።

እታ ከተስተብህል ትኽእል ዛጊድ ብሰለሙን ወልደማርያም ተቐይዳ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ዝኣተወት ኣካል ኢያ። ንሰለሙን ክጽላእ መታን ጉጉይ ሓበሬታ እንዳ ተዋህቦ ኢዩ ሰብ ምቕያድ ዘብዘሐ። ከም ከይሲ ክርአ ዝተኻየድ እሞ ንነዊሕ እዋን ዝተፈጸመ ሰለሙን ዝንኡ ጠፊኡ ኢዩ ነይሩ። ዘይትሸትት ዘይትርአ ምትሃት ኢያ ኣብ ከባቢኣኡ ነይረ። ንኻርቱም ከም ዝኸይድ ዝተገርብረ ናቱ ጉጅለ ድማ ሃደሽደሽ ከም ዝበለ ፈጺሙ ኣይተዓዘበን። ናይ ሜዳ ተድላ ዑቕቢት ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ዘገርም ድማ ካብተን ጉጅለታት ብፍላይ ብመንካዕ ዝተመረዙ ዝበሃሉ ሕጂ እውን ነቲ ፍሕሶ ኢሰያስ ብግስ ከይበለ ኢዮም ዘለለይዎ። ይኹን እንበር ሰለሙን ሰኣን ምስትብሃል ከም ከዳዓት ኣጠሚቑን ኣስምዩን ስለ ማሕበራዊ መልክዖም ዝጸየቐ። እዚ መንደላይ ተመን ምሳይ ተሓቑፎም ስሞምን ክብሮምን ክመልሱ ኣዘንጊዐ ክሓብሎም ዝብል መደብ ኣውጺኡ

*ዝጸዎዕም። ንሶምስ ኣይተገርሁን።  ዘገርም እቶም ናይ ሰለሙን ጉጅለ ካብ ስጋ ወልደማርያም ዝብል ማሕለኦም ማልይኦምን ጥብቆኦምን ቀይሮም ሰጋ ኣፈወርቂ ንምባል ግዜ ኣይወሰደሎምን። ኣቲ ሃገራዊ ጉጅለ መንካዕ ተባሂሉ ከም ኣዕዋፍን መጥበውትን ክልተ መርገጺ ዘለዎ ዝተባህለ ግን ህይወቱ ክሽፍል ዘይተንበርከኸ ንሱ ጥራይ ኢዩ። ሓቂ ኣይትሕባእን ኢያ። ካልእ ዘይፈልጠ ክምስክር ኣይክእልን ኢየ። ዝተሓንገጣ ብረቱ ኣንጻር ጸላኢ ከውዕል፣ ወለዱ ዘምሃርዎ ቀለሙ ንህዝቢ ከቕብል ቆሪጹ ስለ ዝተበገሰ፣ እንሆ እታ ደላይት ሓርነትን ናጽነትን ዕላምኡ ክሳብ ሎሚ ብረድዮ ብተለቪዝን ከይተፈነወት ንኢሰያስ ረቢሻቶ ትነብር። ብዛዕባ እታ መንካዕ ትብል ስም ብጉሁድ ኢስያስ ክገልጽ ፈጺሙ ኣይደልን። ታሕቲ ታሕቲ ንሃሱሳት ብጹቱ ጥራይ ብሕሹኽሹክ ትመሓላለፍ። ንኹሉ ኤርትርዊ ብዛዕባኣ ክፈልጥ ህርድግ ይብል። ስክፍታ ህግደፍ ድማ እንዳዓበየን እንዳ ተረበሸን ይኸይድ። ናይ ደርጊ ወራርን ናይ ሃለስላሰ ግዝኣትን ተረሲዑ። ናይ መንካዕ ደመ ንጹሃት ድማ ትሕደስን ትውላዕን። ሕጂ እውን ካልእ ናይ መንካዕ ጉጅለ ተባሂሎም ይጠፍኡ ኣለዉ። ወዲ ኢሰያስ ኣብ ትምህርቲ እንድሕሪ ሓሚቑ ኩሉ ግዜ ተሓታቲት መንካዕ ኢያ።  መንካዕ ጥርኑፍ ዝተወደበ ብሓንሳብ ሓቢሩ ዝንቀሳቐስ ኣካል ኣይነበራን። ኮይና እውን ኣይትፈልጥን ግን ዕላማ ህዝቢ ስለ ዝኾነት ገና ንለውጢ ዝዕድም ቅልቅል ክብል ከሎ ኢሰያስን ኣጫፈርቱን መንካዕ ትብል ቃል ተባህርሮ። ብዘበን ውቤ ዝጸመመስ ውቤ ውቤ ክብል ነበረ። መንካዕ ዝብል ምንቅስቓስ ኣይነበረን እንታይ ደኣ ናይ ለውጢ ምንቅስቓስ እንበር። ብሓጺሩ ለውጢ ዝጠልብ መንካዕ ኢዩ። ካበይ ብዘየገድስ። ሕጂ እውን ኣብ ቅድሚ ነፍስ ወከፍ ይድገምን ይደጋገምን ኣሎ። ቀጺሉ ኣብቲ ናይ ቑጠባ ቅጥፈት ኣንዳ ተጸጋዕኩ ጉጅለ ኢሰያስ ዝቀጸሎ መስመር ክሸሽሕ ኢየ።*

*እሞ ካብታ ናይ ቀይዲ ቦታ ምስ ተፈታሕኩ ንኣልገና ናብ ሕርሻ ተመዲበ እግረ መንገድይ ንኢሰያስ ኣብ ጉረይቶ እረኽቦ። ኣቐዲሙ ኣብ ፋሕ ንሕርሻ ዝመደበኒ እሱ ኢዩ ነይሩ። ጆጋኑ ስውኣት ከም በዓል ውዲ እማን ተመዲቡ ዘሎ ሓቢሮምኒ ስለ ዝነበሩ፣ ኢሰያስ ኣንጻር ሰለሙን ዝቐንዐ ሕቡእ ግን ከም ሕልሚ ፈቲሕካ ትትርጉሞ መግለጺ ሃበኒ። ልክዕ እቶም ስውኣት ጆጋኑ ብጾተይ ዝሓበሩኒ ኢዩ ዝገለጸ። ተወዲበ ኣብ ጎድኑ ክሰርሕ ዝዕድም ሽሕጣን። ምጥርናፍ ገስገስቲ ዝብል መስመር ጀሚሩ ከም ዘሎ እውን ሓበረኒ። ኣንበሳስ ስጋ ገዲፉስ ጾመርበዓ ክጸውም ጀሚሩ ዝዓይነቱ ተንኮል። ኣብቲ ገስጋሲ ጥርናፈ ተወደብ በለኒ። ብምሕጫጭ ሎሚ ገና ክውደብ? ውዳቤ ሓሊፈስ ተጋዳላይ ዶ ኮይነ ዘለኹ፣ እንታይ ዓይነት ሕቶ ኢዩ እዚ ክብል መለስክሉ። ደሓን ኣነ ብዕላማ እንበር ከም ኩዕሶ ጉጅለ ኣይመርጽን ተስምዕ መግለጺ ሂበ ተገላጋገልኩ። ድሕሪ ሕርሻ ምምዳበይ እዚ ገና ኣይለስለስን ተባሂለ ማለት ኣብታ እንዳ ባኒ ኢሰያስ ክንስከት ኣይበቓዕኩን ገና ክሕሰ ኣለኒ ከም ቢሑቕ ዝብል መደቡ ቀጸለ። እሞ ናብ ሕስመት ጨው ተቐይረ። ብቑላምጾ  ስማ ክፍሊ ማዕድን ዝብልዋ ከም መራሒኣ ተመደብኩ። ሰራሕተኛ ሳሊና ከም ናይ ግራር ማለት ኢዩ። ካልእ ዓይነት ማእሰርቲ። ኩሉ ቃልሲ ኢዩ እሞ ምስቶም ብገለ ዕጨኦም ከማይ ዝተረገሙ ክሰርሕ ተመዲበ። ነዛ መደብ እዚኣ ኣብ ህይወተይ መቐይሮን ለውጥን ከም ትህብ ክገብራ ቆረጽኩ። ዘይምርዓድ ዘይምብርካኽ ግን ብሜላ ኩሉ ክትፈሖ ይግባእ። ካብ ከባቢ ውድባዊ ህላዌ ርሕቕ ዝበለት ስለ ዝኾነት ትህበኒ ዓቢ ተኽእሎ ምምዕዳውን ሓዲሽ ውጥን ምምሃዝ ዝብል መደብ ኣንጸፍኩ።  ሓንቲ ቁርጽ ድበለት ዕላማ ክኸተል ጀመርኩ። ዝመረጽኩዋ ድማ ነታ ንመጀምርያ ግዜ ብኣይን ብፍስሃየ በርሀ ዝተዳሰሰት ቦታ ከዕውታ እሞ፣ ምስ ዓበየት ኣብ ኢዶም ኣእትዮም ክወስድዋ፣ ብድሕሪኡ  ንዓይ ኣብ ተጋደልቲ ክሕውሱኒ ዝብል ኢየ ወሲነ። ካብቲ ምክትታሉ ርሒቕካ ኣዕሚቕካ ክትሓስብ ዕድል ትረክብ። ኣንፈቱ ኣብ ካልእ ስለ ዝገብር ንገለ እዋን እውን ይርስዓካ ይኸውን። ናቱ ሃሱሳት ድማ ጸጻባት ስለ ዘየመሓላልፍሉ ናይ ምግምጋም ዓቕምኻ ክብ ይብል። ንመግብን ካልእ ነገራትን ዘቕርቡ ተጋደልቲ ብዝህቡና ሓበሬታ እቲ ኣሰራርዓ ናበይ ገጹ ይሕንበብ ኣሎ ጥራይ ምክትታል። መድሃኒትን ካልእ ነገራትን ንምምጻእ ከም መራሒ እቲ ጉጅለ ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ዑደት ፈጺምካ ብጾትካ ሃሰስ ትብል ሓበሬታ እውን ትእክብ ዝብል ስልቲ ክጥቀም መደብኩ። ብኣንጻሩ ድማ ዕድለይ ተሓመቐ ትሕቲ ባይታ ኣብ መቓብር ክስኽዑኒ ከም ዝኽእል ፈሊጠ ስለ ዘለኹ ገለ ኣሰር ዝገድፈሉ መስመር ክሃንጽ ነይሩኒ። ኣብ ማርሳ ተኽላይ ከለኹ ምስ ብጻይ ጎይትኦም ጽቡቕን ጥቡቕን ምቅርራብ ነይሩኒ። ሕጂ እውን ነዛ መስመ እዚእ ፈትላ ክብጠስ ኣይደለኹን። ክሳብ ፍጻሜ እውን ተኸቲለያ። ናታ ፍሉይ መግለጺ እውን ከም ምሉእ ጸብጻባ ኣለኒ። እዚ ናይ ብሕትውና ቦታ እዚ ንማንም ዘይተዋህበ ዕድል ኢዩ ተዋሂቡኒ። መሽርክሒ ዝበልክዎስ ታሪኻዊ መስብሒ ኮይኑኒ።  ህጂ እውን ግን ገለ ኣሰር ክገድፍ ኣለኒ ዝብል ድማ ኣብ እእምሮይ ይዝንቢ ነበረ። ኣብ ሕርሻ ንማርሳ ተክላይ ምስ 8 ርእሰይ ሓንቲ ካላሽን ሓንቲ ናቶ ከም ኣጽዋር ሰዓት ናይ መራኸቢ ራድዮ ዘይብልና ኢና*

ተመዲብና ዝነበርና። ንሕና ከም ኣባላት ሕርሻ ንፈልጦ ዝተዘርአ እኽሊ ወይ ድማ ዝቦቖለ ኣግራብ ኣይነብረን። ሸሞንተና ሰብ ከይንምርዝ ትባሂላና ኢና ካብ ውድብ ተፈሊና ናብ ማርሳ ተኽላይ ዝተመደብና። ኣብዚ እዋን እዚ ኣነን ኣነን ፍስሃየ በርሀን ነታ ናይ ጨው ምንጪ ዝኾነት ንመጀመርያ ዝዳህሰስናያ። እቲ ብቐሊል ጨው ዝሕፈሶ ቦታ ረኺብና ንምምሕዳር ሓበርና። ብገመል ጽዒና ክልተ ኩንታል ክልተ መዓልቲ ተጓዒዝና ንተውሚን ወይ ንቑጠባ ኣብጻሕና። ኣብቲ እዋን እቲ ተጋደልቲ ብዝይ ጨው ማይን ቅጫን ፈትፊቶም ኢየም መቐረት ዘይብሉ መግቢ ዝምገቡ ዝነበሩ። ንሕና ጨው ኣሎ ዝብል መግልጽን ተግባራዊ ክልተ ኩንታል ሕዚና ምምጻእና ንመሪሕነት ድማ ኣብቲ ሃሩርን ጭወን ዝሓበርናዮም ንዓና ድፋጫ ንስትየሉ ቦታ ረኺብና ዝብል እኩይ ተግባሮም ተበራበረ። ነዓና ቦታ መርገም ዘይኮነትስ ቦታ ትንሳኤ ኢያ ነይራ። እዛ ትካል እዚእ ኣብ 3 ኣዋርሕ ዘይመልእ እዋን ብመካይን ክሳብ ንሱዳንን ንከበሳን ጭው ክትሸይጥ ዝገበርናያ። ካብታ ኣዝያ ዝዓንበበት እሞ ብውሑዱ 100 ኩንታል ጨው ንመዓልቲ ግን ብውሑድ ናይ ወጋሕታ ሰዓታት ጥራይ ዝሕፈስ ምህርቲ ነእቱ ነበርና። ከምታ ዝሓለምናያ ድማ ኣብታ ምንጪ ዕዳጋን ዝኾነት ትካል ክኣልዩና መደቡ። እቲ ኣብታ ግራውቲ ጨው ዝሰርሕ ተጋዳላይ ቁጽሩ እንዳ ዓበየ ከደ። ደቂ ትባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ቀንጠብጠብ ምባል ኣብዚሓም ስለ ዝነበሩ፣ ንኹሎም እቶም በዚ ተግባር እዚ ዝተቐየዱ ኣብዚ ክፍሊ እዚ ወዝዕዎም። ኢሰያስ ክምድብ ከሎ ዘይሓሰቦ ደሓር ግን ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ሰውራ ተቐይዶም ዝነበሩ ናብዚ ናይ ጨው ትካል መን ከም ዘሎ ስለ ዝፈልጥ፣ ፍርሒ ዓሰሎ። እቲ ትካል ኣብ ዶብ ሱዳን ስለ ዝርከብ ንብዙሓት ሒዝና ክንስልም ከም ንኽእል ገይሩ ገመተ። ስለዚ ናቱ ናይ ጸጥታ ሰባት ኣብ መብኣን ከባቢኣን ኣንቢሩ ንዓና ነቶም ክልተ ዝጥርጥረና ናብ ካልእ ክሰደና መደበ። ንዓይ ንሓለዋ ክጥዕሞ ብቐረባ ክከታተለኒ ኣብ ጥቓ ቤት ጽሕፈቱ ንፍስሃየ በርሀ ድማ ኣብ ሕርሻ ሰሜናዊ ባህሕሪ ሰደዶ።

ኣብ ሻድሻይ ክፋል የራኽበና።
ይቕጽል
ተስፋ ዘውደ
13.08.2009